# ስርዓተ ኣምልኮ ተዋህዶ ቤተክርስትያን



**ዓቢይ ጾም ራብዓይ ሰንበት ዘመፃጉዕ ተባሂሉ ይጽዋዕ።**

**1ይ ዲያቆን:-** 1 ገላ 5፤1-26 (Gal)
**2ይ ዲያቆን:-** ያዕ 5፤ 14-20 (James)
**2ይ ካህን:-** ግብ 3፡1-12 (Acts)
**1ይ ካህን:-** ዮሃ 5፡1-25 (John)
***መዝሙር ዳዊት***: እግዚኣብሒር ይረድኦ ውስተ ዐራተ ሕማሙ፤ ወይመይጥ ሎቱ ኩሎ ምስካቢሁ እምደዌሁ፤ ኣንሰ እቤ እግዚኦ ተሣህለኒ።

"The LORD will strengthen him upon the bed of languishing: thou wilt make all his bed in his sickness." Psalms 41፡3.

**ቅዳሴ:-** ነኣኩተከ
***ያሬዳዊ መዝሙር***:- ኣምላኩሰ ለኣዳም (ናይ ኣዳም ፈጣሪ)

***መዝሙር ዳዊት***: ኣብ መደቀሲ ድናሴኡ ኸሎ እግዚኣብሔር ይድግፎ፤ ንስኻ ብሕማሙ ንብዘላ ዓራቱ ተንጽፈሉ። መዝ 41፡3።

## ብሰንበት ሕሙማት ኣሕወየ "ዘመፃጉዕ"

ቅ. ያሬድ በዚ ዕለትዚ፡ ጎይታ ንብዙሓት ሕሙማት ከምዝፈወሰ ንምግላጽ፡ መፃጉዕ ዘርእስቱ መዝሙር ዘመረ። ክፋል ናይ መዝሙሩ "ኣምላኩሰ ለኣዳም ለእረፍት ሰንበተ ገብረ" ትርጉም "ናይ ኣዳም ኣምላኽ ንሰንበት ንዕረፍቲ ፈጠራ" ይብል። ስለዚ ኣብዛ ንደቂ ዓዳም መንፈሳውን ስጋውን ዕረፍቲ፡ ፈውሲ ንኸህብ ዝሰርዓ መዓልቲ ሰንበት እምበኣር ዕውራን ዓይኖም ተኸፍተ፡ ኣብ ዓራት ተጸይሮም ዝመጹ ብዝተፈላለየ ሕማማት ዝሳቐዩ ደሓኑ፡ ዝደወዩ ተፈወሱ፡ ሕቖኦምን ኣእዳዎምን ዝጎበጠ ጠዓዩ።

ኣብቲ ጽሑፍ ከምዝተነበልና፡ እቶም ዓይኖም እናረኣየ ዝዓወረ ሰባት ግን ነዚ ቅዱስ ኣገልግሎት'ዚ ኪቃወምዎ ከሎዉ ንዕዘብ። ብናቶም ትርጉም ከኣ "ክርስቶስ ንሰንበት ስዒርካያ ኣይኸበርካያን" ኢሎም ድማ ከሰስዎ። ካብቲ ወንጌል ተበጊሱ ዝተበገሰ መዝሙር እምበኣር፡ ክርስቶስ እግዚኣ ሰንበት "ጎይታ ሰንበት" ምዃኑ ኣይሁድ ከምዝሰሓትዎ ንምዝኽኻር፡ ኣብዚ ዕለትዚ ዝተፈጸሙ ዝተፈላልየ ትኣምራት እንዳጠቀሰ ንኣምላኽ የመስግን።

"በሰንበት ፈወሰ ዱያነ ወከሰተ ዐዕይንተ ዕውራን፤ ብሰንበት ፈድፉደ ከያነ ኣፍቀርነ ሰንበተ ለእረፍት" ትርጉም "ብሰንበት ድውያን ፈወሰ፡ ዓዕይንቲ ዕዉራተ ከፈተ፡ ኣብዚ ዕለትዚ ፍቕሩ ኣባና ዓዘዘ፡ ዕረፍቲውን ሃበና"። ቅ. ያሬድ ወዲ እቲ ሓለቃ ሚእቲውን ኣብ ግዜ ሰንበት ከምዝተፈወሰ ይዝምር "ይቤሎ መስፍን ለኢየሱስ ክርስቶስ በዕለተ ሰንበት ኢይደልወኒ ከመኣንተ ትበእ ያህተ ጠፈረ ቤትየ ኣዝዝ በቃልከ ወይሀዩ ወልድየ" ትርጉም "እቲ ሓለቃ ሚእቲ ኣብ መዓልቲ ሰንበት ንኢየሱስ በሎ ናብ ቤተይ ክትኣቱ ብቁዕ ኣይኮንኩን እሞ ወደይ ክሓዊ ብቃልካ ኣዝዝ በሎ" ማቴ 8፡1015። ብዛዕባ ምብራህ ኣዒንቲ ዕውራት ከኣ ቅ. ያሬድ ለምዚ ብምባል ዘመረ፡ "ከልሐ ዕዉር ፍኖት ወገሰጽዎ እለ ይመርህዎ ከመያርምም ወአበየ ከልሐንዝዘይብት አሣህለኒ እግዚእየ ወልደዳዊት" ትርጉም "እቲ ዕዉር ኣብ መንገዲ፡ ሰባት ስቕ ኪብል እኳ እንተገንሕዎ፡ ዓው ኢሉ ወዲ ዳዊት መሓረኒ ኢሉ ጨደረ" ማቴ 20፡29-30። "በሰንበት ገብረ-ተኣምራተ ወረቀ ምድረ ወገብረ ፅቡረ፡ ኣህየወ እዉረ ብሰንበት" ትርጉም "ብዕለተ ሰንበት ተኣምራት ገበረ፡ ብጥፍጣፉ ጭቃ ገይርይ ኣዕይንቲ ዕዉር ለኸዩ ፈወሶ"

ብዛዕባ ምፍዋስ መፃጉዕን ኢዱ ዝለመሰ ሰብንውን ከምዚ ኢሉ ዘመረ፡ "ኣህየዎ ኢየሱስ ለመፃጉዕ በዕለተ ሰንበት" ትርጉም "ብዕለተ ሰንበት ኢየሱስ ነቲ መፃጉዕ ሰብ ፈወሶ"። ብተወሳኺ "ብሰንበት ተራከቦ ኢየሱስ ለመፃጉዕ ወይቤሎ ተንስእ ወንሳእ ኣራተከ ተኃድገ ለከ ኃጢኣትከ ዑቀ ኢተኣብስ እምዝ ከመዘየኣኪ ኢይርከብከ ተንሢኦ ነሠኣ ኣራቶ ኣትወ ቤቶ ውእቱ መፃጉዕ" ትርጉም " ኢየሱስ ብሰንበት መፃጉዕ ሰብኣይ ረኸበ፡ ተስእ ዓራትካ ኣልዕል፡ ሓጢኣትካ ተሓዲጉልካ እዩ፡ ካብዚ ዚኸፍእ ከይመጸካ ካልኣይ ግዜ ኣይትበድል በሎ፡ እቲ ዝሓወየ ሰብኣይ ዕራቱ ኣልዒሉ ናብ ቤቱ ከደ"። "ሖረ ኃቤሁ ዘየብስት እዴሁ ወፈወሶ በዕለተ ሰንበት ወይቤሎ ተሓድገ ለከ ኃጢኣትከ ዑቅ ኢተኣብል"። ትርጉም "ኢዱ ዝለመሰት ሰብ ክርስቶስ ብሰንበት ኣሕወዮ፡ ሓጢኣትካ ተሓዲጉልካ እዩ ደጊምካ ኣይትበድል ከኣ በሎ"። ካልእ ቅ. ያሬድ ኣብ መዝሙሩ ዘልዓሎ ድማ ብዛዕባቲ ተሰኪሞም ናሕሲ እታ ክርስቶስ ዝምህረላ ዝነበረ ቤት ኣፍሪሶም፡ ብዝሒ ህዝቢ ስለዝነበረ፡ ብላዕሊ ኣንጠልጢሎም ንኸፍወስ ናብ ክርስቶስ ዘምጽእዎ

መፃጉዕ እዩ። እምነቱ ዓባይ ምኻና ክርስቶስ ተዓዚቡ ኣሕወዮ። “ሰንበት ኣሜሃ ኣመይቤሎ ለመፃጉዕ ነስቱ ጠፈረ ቤት ወኣውረድዎ ኃበ ኢየሱስ ርዕዮ ሃይማኖቶ ወይቤሎ ለመፃጉዕ ተንስእ ነሣእ ኣራተከ”።

ቅ. ያሬድ ብዛዕባ ትሪ ልቢ ኣይሁድን ብክርስቶስን ብተግባር ዕዮኡም ዘይምእማኖም ኣመልኪቱውን ከምዚ ኢሉ ዘመረ። “ይቤልዎ ኣይሁድ በኣይ ሥልጣን ትገብር ዘንተ ወይቤሎሙ ኢየሱስ ኣነኒ አገብር ኣንትሙኒ እመኑ ለግብርየ ወይቤሎሙ ኣነ ውእቱ እግዚኣ ለሰንበት። ብውህ ሊተ እሰብክ ግዕዛነ ወእክስት ዐዕይንተ ዕዉራን ኣቡየ ፈነወኒ (መዝሙር)። ትርጉም “ኣይሁድ ብናይ መንስ ሥልጣን ኢኻ እዚ ኹሉ ትኣምራት ትገብር ዘሎኻ ኢሎም ንክርስቶስ ሓተትዎ። ክርስቶስ ከኣ ብግብረይ እመኑ፡ ኣነ ጎይታ ሰንበት እየ…ወንጌል መንስግቲ ኣምላኽ ንምስባኽን ኣዕይንቲ ዕዉራት ንምብራህን ኣቦይ ለኣኺኒ በሎም። ብተወሳኺ ኣብ ዕለተ ሰንበት ክርስቶስ ዝፈጸሞም፡ ማዕበል ገሲጹ ከምዘህደአ፡ ካልእ ዝተፈላለየ ትኣምራት ከምዝፈጸመ ቅ. ያሬድ ኣስፊሑ ዘሚርዎ ኣሎ።

ክቡራት ህዝበ ክርስትያን፡ ክርስቶስ ምብዓል ሰንበት እንታይ ምኻኑ ብቕኑዕ ትርግሙ ብግብሪ ኣርእዩና እዩ። ከምቲ ናይቶም ግቡዛት ኣይሁድ ዘይኮነ፡ ጎይታ ንሰንበት ንኹሎም እቶም ብዝተፈላለየ ዝተጨነቑን ረዳኢ ዝሰኣኑን ፈውስን መጸናንዕን ኮኖም። ንሕናኸ ነዛ ዓባይ፡ ክርስቶስ ዝተንሥኣላ፡ ሰንበት ብኸመይ ኢና ነብዕላ? እሱራት ብምብጻሕ፡ ሕሙማት ብምጽንናዕ፡ ድኻታት ብምርዳእ፡ ሕዙናት ብምድባስ፡ ቃል ክርስቶስ ስኢኖም ኣብ ተስፋ ምቑራጽ ንዘለዉ ዝተመሃርናዮ ብምክፋልዶ ወይስ ከምቶም ኣይሁዳውያን ክዳኖም ኣጻዕድዮም ዝርኣዩላ መዓልቲ? እሰር እቲ ብስጋን ነፍስን ዕረፍቲ ኪህበና ዝመጸ ጎይታ ክንስዕብ፡ ኣብዚ ዓብዪ ጾም ከኣ ነቶም ዝርድኡ ሃሰስ እንዳበልና ዓቕምና ዘፍቅዶ ኩሉ ብምርዳእ ብቃልን ብግብርን ንቤተሰብናን ሕብረተሰብናን ኣርኣያ ኪንክወን ይግባእ። ኣምላኽ ይደግፈና።